# ስራሕ

ምእታው ናብ ስራሕ ዓለም
ስራሕ ምድላይ
መሰላትን ግዴታትን(ግቡኣትን)
ስራሕ(ሸቐለት) ኣልቦነት
ንዲፕሎማ ኣፍልጦ/ተቐባልነት ምሃብ

# ምእታው ናብ ስራሕ ዓለም

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ክሰርሕ ወይ ትካል ክምስርት ዝፍቀደሉ ኣብ ዜግነቱን ምኽንያት መምጺኡ ንስዊዝን ይምርኮስ። ዝኹነ ኹይኑ ሰራሕተኛታት ኣብ ማሕበራዊ ድሕነት ክምዝገቡን ግብሪ ክኸፍሉን ይግበኦም።

## ናይ ስራሕ ፍቓድ

ሕቶ ብዛዕባ ፍቓድ ስራሕ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓደ እዋን ምስ ምሃብ መንበሪ ፍቓድ እዩ ዝውዳእ። ከም ንቡር ኣብ ስዊዘርላንድ መሰል መንበሪ ዘለዎም ሰባት ክሰርሑ'ውን ይፍቀደሎም እዩ ። ከከም ዜግነቶምን ንውሓት ስርሖምን ኣስራሕቲ ወይ ሰራሕተኛታት ፍቓድ ክወሃቦም ይሓቱ። ርግጸኛ እንተ እንተዘይኴንኩም ሓንቲ ካብዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ኣብያተ ጽሕፈት ክሕግዛኹም ይኽእላ እየን። እዘን ኣብያተ ጽሕፈት ነቶም ገና ኣብ ስዊዘርላንድ ዘይነብሩን እንተኾነ ግን ኣብዚ ክሰርሑ ዝደልዩን ሰባት እውን ምኽሪ ይህባ እየን። ካብ ዓመተ 2019 ኣትሒዙ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት (መንበሪ ፍቓድ B)፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ኮይኖም ግን ከም ስደተኛታትን ዘይስደተኛታትን ዝተፈልጡ (መንበር ፍቓድ F)፡ ፍሉይ ፍቓድ ኣየድልዮምን እዩ። ግን መጀመርታን መወዳእታን ናይ ነፍስ ወከፍ ስራሕ ብወግዓዊ ፎርም(ቅጥዒ) ናብ ካንቶን ክቐርብ ኣለዎ። (ግዴታዊ መፍለጢ | Meldepflicht | Procédure d'annonce). ንጉዳያት ስራሕኩም እቲ እትሰርሕሉ ካንቶን ተሓታቲ እዩ። እዚ ሓበሬታ እዚ ብዘይክፍሊት እዩ ። ሓተቲ ዑቕባ (መንበሪ ፍቓድ N) ንክሰርሑ ፍቓድ የድልዮም እዩ ።

## ናይ ገዛእ ርእሰኻ ትካል/ ናይ ብሕትኻ ትካል

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ገዛእ ርእሱ ትካል(ስራሕ) ክጅምር ዝኽእል ኣብ ዜግነቱን መንበሪ ፍቓዱን ይምርኮስ። ካብ ሃገራት ኣውሮጳ (EU/EFTA) ዝመጹ ሰባትን ናይ ስዊዝ መንበሪ ፍቓድ "C" ዘለዎም ሰባትን ትካል ክምስርቱ ዝቐለለ እዩ። ንትካልኩም ኣብ እትነብርሉ ከባቢ ምምሕዳር ክተምዝግቦዎ ኣለኩም። ካብ ሃገራት ኣውሮጳ (EU/EFTA) ወጻኢ ዝመጹ ሰባት ግን ኣቐዲሞም ናብ ቤት ጽሕፈት ቍጠባዊ ጉዳያት ብጽሑፍ ከመልክቱ ኣለዎም። ኣገልግሎት ኢምግሬሽን (Migrationsdienst | Service des migrations) ስደተኞታት ትካል ክምስርቱ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ሓበሬታ ይህብ እዩ። ብናይገዛእ ርእስኹም ትካል ክትመሓደሩ ምስትደልዩ፡ ኣብ "AHV" ናይ ካሕሳ ገንዘብ ፡ ናይ ስድራቤት ካሕሳ ገንዘብን፡ እንተ ተኻኢሉ እውን ኣብ ናይ ሓደጋ መድሕንን ናይ እስትሕጋግ ገንዘብን ክትምዝገቡ ኣለኩም።

## ዘይሕጋዊ(ጸሊም) ስራሕ

ዝኹነ ዝኸፈሎ ስራሕ ንዝምልከቶም ሰበስልጣን ክሕበር ኣለዎ ። ዝኹነ ዝሰርሕ ሰብ ኣብ ማሕበራዊ ድሕንነት ዘይተመዝገበን ፍቓድ ስራሕ ዘይብሉን ወይ ግብሪ ኣታዊታቱ ዘይከፊል፡ ብሕጊ የቕጽዕ እዩ። እዚ ዘይሕጋዊ(ጸሊም) ስርሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ (Schwarzarbeit | travail au noir)። ጸሊም ስራሕ ንኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ሕጋዊ ሳዕቤን ኣለዎ ። ብዘይካዚ'ውን ጸሊም ስራሕ ዝሰርሑ፡ ናይ ሽቕለት ኣልቦነትን (Arbeitslosigkeit | chômage)፡ ናይ ሓደጋ ወይ ስንክልና መድሕን ኣይረኽቡን እዮም። ናይ ጡረታ መልዕሎ (AHV | AVS) እውን የብሎምን። ኣስራሕትኹም ብግቡእ ከም ዘየስርሕኹም ትኣምኑ እንተ ኴንኩም ብዘይ ክፍሊት ናብ ዝወሃብ ማእከል ሕጋዊ ምኽሪ ክተመልክቱ ኣለኩም (Rechtsberatungsstelle | bureau de conseil juridique)።

## ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት(ኣባጽሕ)

ብመሰረቱ መንእሰያት ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ጥራይ እዮም ክሰርሑ ዝፍቀደሎም። ይኹን እምበር ብውሕድ ደረጃ (ንኣብነት፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ) ፈኲስ ስራሕ ክሰርሑ ፍቑድ እዩ። ወለድን ኣስራሕትን፡ መንእሰያት ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ከይሰርሑ ክከታተሉ ኣለዎም። ፍሉይ ሕጊ ሽቕሊ(ስራሕ) ንትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም መንእሰያት እዩ ዝምልከት ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/work/access-to-the-job-market

# ስራሕ ምድላይ

ምስ ካልኦት ሃገራት ብምውድዳር ኣብ ስዊዝ ውሑድ ሽቐለት ኣልቦነት ኣሎ። ይኹን እምበር እቶም ስራሕ ዝደልዩ ዝሕተቱዎ ብዙሕ እዩ። ምስክር ወረቐትን ዲፕሎማን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ዳርጋ ንኹሉ ዓይነት ስራሕ ምልከት/ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳይ ኣገዳሲ መለክዒ እዩ።

## ብቕዓት(ክኢላ ምዃን)

ኣብ ስዊዝ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ሞያታት፡ ሞያዊ ብቕዓት(ዲግሪ)፡ ዲፕሎማ፡ ከምኡውን ተወሳኺ ስልጠናታት ኣዝዩ ኣገዳስነት ኣለዎ። ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታት ወትሩ ኣይቅቡላትን(ኣይፍሉጣት) እዮም። ስራሕ ኣብ ትደልይሉ ካብ ናይ ቀደም ኣስራሕትኹም ዝተረኽበ ናይ ስራሕ መወከሲታትውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ንመብዛሕትኡ ናይ ስርሕ ቦታታት ምልከት/ፍልጠት ጀርመን ወይ ፈረንሳይ ኣድላዪ እዩ ። ካንቶን በርን ተዛረብቲ ክልተ ቋንቋታት ስለ ዝኾነ ሓድሓደ ግዜ ፍልጠት ክልቲኡ ቋንቋታት ክህልወና ትጽቢት ይግበረሉ።

## ስራሕ ምርካብ/ምድላይ

ናይ ስራሕ ቀረባት ኣብ መዓልታዊ ጋዜጣታትን ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኢንተርነት(መርበብ ሓበሬታ) ፖርትታትን ይርከብ እዩ ። ኣብ ኢንተርነት ፖርትታት ብናጻ ናይ ምንዳይ(ምድላይ)ኡንትራት ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ርእሲ እዚውን ትካላት ብሕታዊ ወኪል ስራሕ ኣለዋ ። ኣብ ስዊዝ ንሓደ ትካል ኩባንያ ደዊልካ ብዛዕባ ክፉት ቦታ ስርሕ ምሕታት ልሙድ እዩ ። ዋላ እቲ ትካል ንግዚኡ ክፉት ናይ ስርሕ ቦታ እንተዘይብሉ ምሕታት ይከኣል እዩ። ህዝባዊ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ (RAV | ORP) ስራሕ ምድላይ ክሕግዛ ይኽእላ እየን። ኣብኡ ኮምፕዩተራትን መዓልታዊ ጋዜጣታትን ይርከቡ እቶም ሰራሕተኛታት ከኣ ነቶም ስራሕ ዝደልዩ የማኽርዎም እዮም። ብዝተኻእለካ መጠን ንብዙሓት ሰባት ስራሕ ትደሊ ከም ዘለኻ ክትነግሮም ኣሎካ። ብሕታዊ ርክባት(ሌላ) ስራሕ ንምንዳይ ኣዝዩ ሓጋዚ ክኾውን ይኽእል እዩ ።

## ስራሕ ንምርካብ ምምልካት

መብዛሕትኡ ግዜ(ከምንቡር) ስራሕ ንምርካብ ብጽሑፍ ኢኻ ትሓትት(ተመልክት)። እቲ ሕቶኻ እንተ ወሓደ ናይ ምህርትን ስራሕን ህይወት(CV) ናይ ድርኺት ደብዳበ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ቅዳሓት ዲፕሎማ፡ ምስክር ወረቐትን መወከሲ ስራሕን ዝሓዘ ክኸውን ይግባእ ። ኣብቲ ናይ ድርኺት ደብዳበ ስለምንታይ ነቲ ስራሕ ከም እትግደስን ስለምንታይ ነቲ ስራሕ ብቑዕ ከም ዝኾንካን ግለጽ። እቲ ኣስራሒ ብዛዕባ እቲ ሕቶኻ እንተ ተገዲሱ ብኣካል ንቃለ መጠይቕ ክዕድመካ እዩ (Vorstellungsgespräch | Entretien d'embauche)። ነቲ ቃለ መጠይቕ እኹል ምድላዋት ክትገብሩ ኣለኩም። ዝተፈላለየ ትካላት ንስራሕ ክተመልክቱ ከለኹም ብነጻ ሓገዝ ይገብራልኩም እየን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/work/finding-a-job

# መሰላትን ግዴታትን(ግቡኣትን)

ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ዝተፈላለየ መሰላትን ግዴታታትን(ግቡኣትን) ኣለዎም ። ንኣብነት ዝለዓለ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ንመሰል ዕረፍትን ንመድሕን መሸፈኒን ብሕጊ እዩ ዝመሓደር።

## ውዕል ስራሕ

ከም ንቡር(ልምዲ) ውዕል ስራሕ ብጽሑፍ እዩ ዝፍጸም። ይኹን እምበር ብኣፍ(ቃል) ዝግበር ውዕላት እውን ቅቡል እዩ። እቲ ናይ ግዴታታት(ግቡኣት) ሕጊ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣለዎ (Obligationenrecht | Droit des obligations)። ኣብኡ ድማ ዝተሓተ መዐቀኒታት ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ማለት ብጽሑፍ ናይ ስራሕ ውዕል ዘይብሎም ሰባት'ውን ከይተረፈ ዝተፈላለየ መሰላትን ከምእውን ግዴታታት/ግቡኣትን ኣለዎም።

## መሰል ሰራሕተኛታት

ኣብ ስዊዝ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለየ ሕጋዊ መሰላት ኣለዎም ። ገለ ካብቶም ኣዝዮም ኣገዳስቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣስራሕቲ ንሰራሕተኛታቶም ኣብ ማሕበራዊ መድሕን ከመዝግብዎም፡ ናይ ሓደጋ መድሕን ከውጽኡሎም ከምኡውን እተወሰነ(ገለኽፋል) እቲ ክፍሊት ክኽፍሉሎም ይግደዱ እዮም።
- ኵሎም ሰራሕተኛታት እንተ ወሓደ ን 4 ሰሙን ደሞዝ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም ። እዚ ኸኣ ነቶም ብሰዓታት ዝሰርሑን ወይ ናይ ክፍለ ግዜ ስራሕ(ናይ ትርፍ ግዜ) ስራሕ ዝሰርሑን ሰባት እውን ይምልከት እዩ።
- እቲ ዝለዓለ ፍቑድ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ሰሙን 50 ሰዓት እዩ ። ኣብ ገለ ትካላት 45 ሰዓት ጥራይ ክኸውን ከሎ ኣብ ገሊኡ ኸኣ ዝነውሐ ሰዓታት ስራሕ ይፍቀድ ። ሰራሕተኛታት እንተ ወሓደ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ዕረፍቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።
- ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ምስክር/መረጋገጺ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም ።
- ዝኾነ ሕማም ወይ ሓደጋ ዘጋጠሞ እሞ ኣብቲ ትካል ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዝሰርሐ ሰብ ንእተወሰነ እዋን ደሞዝ ንክኽፈል መሰል ኣለዎ ።
- ነፍሰ ጾራት ኣንስትን ደቂ ኣንስትዮን ፍሉይ መሰላት ኣለወን። (Mutterschutz | Protection de la maternité).

## ደሞዝ

ኣብ ስዊዝ ብሕጊ ዝተኣወጀ ትሑት ደሞዝ የለን። ይኹን እምበር ብዙሓት ትካልት ዝተሓተ ደሞዝ ዝኽፈሎ ሓባራዊ ናይ ስራሕ ስምምዕ ኣለወን (GAV | CCT)። ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ኣብ ናይ ስራሕ ውዕል ተገሊጹ(ሰፊሩ) ዘሎ መጠን ጠቕላላ(ሓፈሻዊ) ደሞዝ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ዝኽፈል ዝተጻረየ ደሞዝ እዩ፡ ኣቐዲሙ ግን ክፍሊት ማሕበራዊ ድሕነት ይቑረጽ (Sozialabzüge | Déductions sociales)። ንመብዛሕቶም ናይ መንበሪ ፍቓድ B፡ መንነት F ወይ N፡ ናይ ሓጺር እዋን መንበሪ ፍቓድ L ወይ መንበሪ ፍቓድ ዶብ ሰገርቲ ሰራሕተኛታት G ግብሪ (Quellensteuer | Impôt à la source) ብቐጥታ ካብ ደሞዞም ይቑረጽ ።

## ስራሕ ምቁራጽ (ስራሕ ምስንባት)

ስራሕ ኣብ ዝቋረጸሉ ግዜ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን በቲ ኣብቲ ውዕል ተገሊጹ ዘሎ ናይ መጠንቀቕታ ግዜ ክምእዘዙ ኣለዎም። ብዘይ መጠንቀቕታ ዝቋረጽ ስራሕ ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ሰራሕተኛታት ምኽንያት ስራሕ መቋረጺኦም ኩሉግዜ ብጽሑፍ ክ ወሃቦም ክሓትቱ ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ዝሓመመ፡ ሓደጋ ዘጋጠሞ(ዝወረዶ)፡ ዝጠነሰት ወይ ሕጻን ዝወለደት(ሓራስ) ብፉልይ ካብ ስራሕ ምቁራጽ(ምስንባት) ዑቕባት ክልኩላት እዮም። ዘይፍትሓዊ/ዘይምኹይ ስንብታ ስራሕ ኣብ ቤት ፍርዲ ክብዳህ ይከኣል። እቲ ሰራሕተኛ ባዕሉ ስራሕ እንተ ኣቋሪጹ/ተሰናቢቱ ኣብ መጠን መድሕን ሽቕለት ኣልቦነት ዝወሃብ ደገፍ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/work/rights-and-duties

# ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ኵሎም ኣብ ስዊዝ ዝነብሩ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ (ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ኣለዎም። ብመሰረቱ ኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ (ሽቕለት) ኣልቦነት ውሕስነት ኣለዎም። ስእነት ስራሕ ዘጋጠሞም መብዛሕትኡ ግዜ ንእተወሰነ እዋን ገንዘባዊ ደገፍ ይረኽቡ እዮም። ስራሕ ኣልቦ ሰባት ኣብ ዞባዊ ማእከል ስራሕ(RAV) ብኣካል ክምዝገቡ ወይ ከኣ በቲ www.arbeit.swiss ዝብሃል ብኢንተርነት ኣቢሎም ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ኽምዝገቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ስራሕ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ።

## መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (ALV|AC) መንግስታዊ ትካል እዩ። ንኹሎም ሰራሕተኛታት ድማ ግዴታ እዩ። ነዚ ዝኸውን ወርሓዊ ክፍሊት ካብ ደሞዝ ብቐጥታ ይቑረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ይሸፍኖ/ይኸፍሎ ። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ናይ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ስራሕ ስእነት ዘጋጠሞ ከም መተካእታ ወርሓዊ ደሞዝ ካብ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ይወስድ (Arbeitslosengeld | allocation chômage)። እቲ ካብ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት ዝኽፈል ገንዘብ ክሳብ መዓስን ክንደይን ይኽፈል ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ዝተሞርኮሰ እዩ። ንኣብነት ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክትሰርሕ ጸኒሕካ ወይ ብምናታይ ምኽንያት ስራሕ ኣልቦ ኴንካ፤

## ኣካይዳ ኣብ ግዜ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ብሽቕለት ኣልቦነት ስግኣት እንተ ኣጋጢሙኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን ብኣግኡ ተመዝገቡ፡ ግን ከኣ ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሽቕለት ኣልቦነትኩም ኣይትደንጉዩ።

## ከባብያዊ ማእከል ስራሕ

ከባብያዊ ማእከል ስራሕ (RAV|ORP) እንደገና ቀልጢፍኩም ስራሕ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም እዩ። ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (RAV) ዝግበር ናይ ምኽሪ ርክብ ግደታ እዩ እንተ ደኣ ተጠቃሚ ስራሕ ኣልቦነት ኴንካ። ብዘይካዚ RAV ኮርሳት ወይ መደባት ስራሕ ይህብ እዩ። RAV ስሕበት ዕዳጋ ስራሕ ንምምሕያሽ ኮርሳትን መደባትን የቕርብ። ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ኩነታት፡ እዚኦም ብናይ ስራሕ ኣልቦነት ሓገዝ ዘይብሎም ሰባት እውን ክበጽሕዎም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ስዊዝ ሰሪሖም ዘይፈልጡን ስራሕ ዝደልዩን ሰባት'ውን ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ RAV|ORP ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም። ገንዘባዊ ሓገዝ ግን ኣይወሃቦምን።

## ጥቕሚ ናይ ስራሕ ኣልቦነት

ጥቕሚ ናይ ስራሕ ኣልቦነት (Unemployment Benefit፣ UB) ኣብ RAV ንዝተመዝገቡን ናቱ መሰል ንዘለዎምን ደለይቲ ስራሕ ዝወሃብ ደገፍ ፋይናንስ እዩ። እቲ ጥቕሚ በቲ ቡቑዕ ናይ ስራሕ ኣልቦነት ኢንሹራንስ ብቐጥታ ንቲ ዓሚል RAV ዝኽፈል እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/work/unemployment

# ንዲፕሎማ ኣፍልጦ/ተቐባልነት ምሃብ

ኣብ ስዊዝ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታትን ዲግሪታትን ኩሉግዜ ቅቡላት ኣይኮኑን። ይኹን እምበር ኣብ ገለ ኩነታት ዲፕሎማ ኣፍልጦ ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ንገለ ሞያታት ዲፕሎማኻ ኣፍልጦ ክተውህቦ ግድን እዩ።

## ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ

ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ዘለዎም ሰባት ኣብ እተወሰነ ኩነታት ንዲፕሎምኦም ተቐባልነቱ ከረጋግጹ ኣለዎም። እዚ ኣፍልጦ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ምስ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ናይ ስዊዘርላንድ ዳርጋ ማዕረ ምዃኑ የረጋግጽ። ነቶም ብሕጊ/መምርሒ ዝተወሰኑ ሞያታት (ንኣብነት ኣለይቲ ሕሙማት፡ መምህራን....ወዘተ) ተቐባልነት ዲፕሎም ኣድላይ እዩ ከም ሞያ ንክትነጥፈሎም ። ዝተፈላለያ ትካላት(ወኪላት)ንዝተፈላለየ ሞያ ወይ ስልጠና ተፈላጥነት ንምሃብ ሓላፍነት ኣለዎን። ኣፍልጦ ምሃብ የኽፍል እዩ (ብነጻ ኣይኮነን)። ሓፈሻዊ ሕቶታት ብዛዕባ ንናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ኣፍልጦ ምሃብ ዝምልከት ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርትን፡ ምርምርን ምህዞን (Staatssekretariat für Bildung, Forschung und Innovation SBFI | Secrétaire d'État à la formation, à la recherche et à l'innovation SEFRI) ሓላፍነት ኣለዎ።

## ምርግጋጽ ደረጃ (ንምስክር ወረቐት)

ን ብሕጊ(መምርሒ) ዘይተወሰኑ ሞያታት ኣብ ስዊዘርላንድ ንምስራሕ ኣፍልጦ ምሃብ ንዲፕሎማ ወይ ንዲግሪ ኣየድልን እዩ። ነዞም ሞያታት ናይ ደረጃ ምስክር ወረቐት ክወሃቦም ክሕተት ይከኣል እዩ (Niveaubestätigung | Attestation de confirmation de niveau)። እዚ ንናይ ወጻኢ ዲፕሎማ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ዘለዎ ቦታ(ዋጋ) የርኢ ። እዚ መረጋገጺ እዚ ስራሕ ንምርካብ ክሕግዝ ይኽእል እዩ ። ብዛዕባ መረጋገጺ ደረጃ ዝገልጽ ሓበሬታ ካብቲ ንዲፕሎማ ኣፍልጦ ዝህብ ሃገራዊ ትካል ክርከብ ይከኣል እዩ(Nationale Kontaktstelle für Diplomanerkennung | Point de Contact national pour la reconnaissance de diplômes) ወይ ካብ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን ክርከብ ይከኣል እዩ BIZ (Berufsberatungs- und Informationszentren BIZ | Centres d'orientation professionnelle OP)።

## ብቕዓት ሞያ ኣማዕብል (ንዝዛዘምካዮ ሞያ)

ናይ ስራሕ ተመክሮ ዘለዎም ኣባጽሕ(ዓበይቲ) ግን ከኣ ተፈላጥነት ዘይብሉ ዲፕሎማን ዲግርን ዘለዎም ኣብ ስዊዘርላንድ መሰረታዊ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ዝለዓለ ናይ ሞያ ስልጠና(ትምህርት) ከማዕብሉ/ደጊሞም ክመሃሩ ይኽእሉ ኢዮም። ዝኾነ ኹይኑ ጽቡቕ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመንን ፈረንሳን ቀንዲ ረቛሒ እዩ። (ደረጃNiveau B1/B2 nach GER/FR). ግዱሳት ንኣብነት ካብ ማእከል ሞያዊ ምኽርን ሓበሬታን BIZ (BIZ | OP) ብዘይ ክፍሊት ሓበሬታን ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ። እቶም ናይ ሞያ ትምህርትኹም ዘማዕበልክሞ(ዝደገምኩሞ) ኣብ ስራሕ ዓለም ዘለኩም ዕድል ይመሓየሽ፡ ንተወሳኺ ስልጠና እውን መእተዊ ትረኽቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/work/recognition-of-qualifications